

## ኣህጉራዊ መዓልቲ ደ/ኣንስትዮ ኤርትራውያን ኣብ ፍራንክፎርት ተኸቢሩ።
## 8 - 10 መጋቢት 2019

ኣባላት መሪሕነት ሰዲህኤ ብዝተገብረሎም ዕድመ መሰረት ኣብ'ቲ ኣብ ሃገር ጀርመን ከተማ ፍራንክፎርት ዝተኻየደ በዓል ኣህጉራዊ መዓልቲ 8 መጋቢት ኤርትራውያን ተሳቲፎም።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኤርትራውያን ብኽብ ዝበለ ድምቀት ዝመልኡ ክብርታት ተኻይዱ። ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኤውሮጳ 8 መጋቢት 2019 ኣብ ሃገር ጀርመን ከተማ ፍራንክፎርት ብሓባር ንምድላው ዘካየድኦ ጻዕሪ ኣካላዊ ተሳትፍነት ህዝብን ጥራሕ ዘይኮነ መደብ ኮንፈረንስ ብምስራዕ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ህዝብና ሃገርና ክዝረበሉ ክዝተየሉ ብምግባር ካብ ዕለት 8 - 10 መጋቢት ብዓብይ ድምቀት ተኸቢሩ።

ኣቀዲሙ ካብ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ኤውርጳ ንሰዲህኤ ብዝተላእከ ዕድመ መሰረት ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ሓላፊ ስርዒታዊ ጉዳይ ኣቶ ብርሃነ ገብረክርስቶስ ካብ ሃገር ጀርመን፡ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ኣቦ መንበር ዞባ ኤውሮጳ ሰዲህኤ ኣቶ ሓምድ ድራር ካብ ሃገርን እንግሊዝ ተሳቲፎም።

ኣባላት መሪሕነት ሰዲህኤ ኣብ'ቲ ቦታ ተረኺቦም ንስለስተ መዓልቲ ኣብ ዝጸንሕሉ እዋን፡ ነቲ ከቢድ ሓልፍነት ዘለዎ ምድላዋት ክብሪ 8 መጋቢት ኤርትራውያን ንኢዶም። ብተወሳኺ ምስ'ቶም ኩሎም ኣብ'ቲ ቦታ ዝተረኸቡ ዕዱማትን ኣባላት ዝተፈላለዩ ውድባትን ማሕበራትን ክራኸቡ ምኽኣሎም'ውን ኣብ'ዚ ህዝብናን ሃገርና ትርከበሉ ጽንኩር ኩነታት ምርኻብ ኣውንታዊ ምንባሩን ብጽቡቕ ሃዋሁ ምዝዛሙን፡ ኣብ ዝመጽእ እዋን ከኣ ብ'ኸመዚ ዓይነት ምድላዋትን ምቅርራባትን ንዝለዓለ ጥርናፈ ኤርትራውያን ዘሕይል ምትእኽኻብ ክህሉ ከም ዝግባእ ሰናይ ድሌቶም ገሊጾም።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ስውኣትና
11 መጋቢት 2019
ዜናን ሓበሬታን ሰዲህኤ